ይሓ ሪል እስቴት ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ውልቀ ማሕበር ኣብ ቅድሚት Semi Basement+G+6 ህንጻ ይሓ ሲቲ ሰንተር ዝርከብ ናይ መኪና መዕረፊ (Parking) ጽገና፣ ናይ ኣካል ጉዱኣት መደያየቢ ምምሕያሽ(Modification of Ramp for disables) ፣ ኣብ 3ይ ፍሎርን 6ይ ፍሎርን ህንጻ ይሓ ሲቲ ሰንተር ዝርከብ ዓይኒ ምድሪ (toilet) ንኣካል ጉዱኣት ብዝጥዕም መልክዑ ንምምሕያሽን ንምጽጋንን ደረጃኡ ብዝሓለወ ህንጸት ብስራሕ ተቋረጽቲ(contractors) ኣወዳዲሩ ከስርሕ ወሲኑ ኣሎ።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሰሉስ ሚያዝያ 22, 2016 (ልዕሊ 2 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ጉንበት 1, 2016 3:30 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ጉንበት 1, 2016 4:05 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ገዛውቲን ሕንፃ ስራሕቲን/

ምልክታ ጨረታ

ይሓ ሪል እስቴት ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ውልቀ ማሕበር ኣብ ቅድሚት Semi Basement+G+6 ህንጻ ይሓ ሲቲ ሰንተር ዝርከብ ናይ መኪና መዕረፊ (Parking) ጽገና፣ ናይ ኣካል ጉዱኣት መደያየቢ ምምሕያሽ(Modification of Ramp for disables) ፣ ኣብ 3ይ ፍሎርን 6ይ ፍሎርን ህንጻ ይሓ ሲቲ ሰንተር ዝርከብ ዓይኒ ምድሪ (toilet) ንኣካል ጉዱኣት ብዝጥዕም መልክዑ ንምምሕያሽን ንምጽጋንን ደረጃኡ ብዝሓለወ ህንጸት ብስራሕ ተቋረጽቲ(contractors) ኣወዳዲሩ ከስርሕ ወሲኑ ኣሎ።

ስለዚ ብውሳነኡ መሰረት ክትወዳደሩ እትደልዩ ተጫረቲ እዚ ምልክታ ካብ ዝወጸሉ ዕለት 22/ 08 / 2016 ዓ/ም ክሳብ ዕለት 30 / 08 / 2016 ዓ/ም ኣብ ዘሎ ናይ ስራሕ መዓልታትን ናይ ስራሕ ሰዓታትን መጫረቲ ሰነድ ብር 300(ሰለስተ ሚኢቲ) ዘይምለስ ብምሓዝ ካብ ይሓ ሪል እስቴት (Yiha Real Estate) 6ይ ፍሎር ቢሮ ቁጽሪ 8 ብምዕዳግ ፣ ተጫረቲ እትወዳደርሉ ናይ ጨረታ ሰነድ ኦርጅናልን ክልተ ቅዳሓትን ንመጫረቲ ሰነዳት ኦርጅናልን ቅዳሕን ዝብል ተፃሒፉሎም ነፍሲ ወከፎም ኣብ ናይ ባዕሎም ኢንቨሎፕ ተዓሽጎም ኣድላይ ማህተምን መግለፅን ምስ ዓረፈሉ ተመሊሶም ኣብ ሓደ ኢንቨሎፕ ክዕሸጉ ብምግባር ዕለት 01/09/2016 ዓ/ም ክሳብ ሰዓት 3:30 ናይ ንግሆ ኣብ ይሓ ሪል እስቴት (Yiha Real Estate)6ይ ፍሎር ቢሮ ቁጽሪ 8 ኣብ ዝተዳለወ ሳጹን ዝኣትው ይኸውን። ጨረታ ኣብ ዕለቱ 01/09/2016 ዓ/ም ሰዓት 4:00 ናይ ንግሆ ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዝተረኽብሉ ይኸፈት።

ተጫረቲ ከማልእዎ ዝግብኦም ነገራት

1) ናይ 2016 ዓ/ም ዝተሓደሰ ናይ ንግዲ ምዝገባ ምስክር ወረቐት ከቕርቡ ዝኽእሉ፣

2) ናይ 2016 ዓ/ም ዝተሓደሰ ንግዲ ሰራሕ ፍቓድ ምስክር ወረቐት ከቕርቡ ዝኽእሉ፣

3) ናይ 2016 ዓ/ም ዝተሓደሰ ናይ ደረጃ 8ተ ጠቕላላ ስራሕ ተቋረጽቲ /ተኾናታሪነት/ (8ተ GC) ምዝገባ ካርድን

4) ናይ2016 ዓ/ም ዝተሓደሰ መቕረባይነት ካርድን ከቕርቡ ዝኽእሉ፣

5) ናይ ግብሪ ከፋሊ ምዝገባ ሰርተፍኬት/IIN/ ከቕርቡ ዝኽእሉ፣

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

6) ናይ ቫት ምዝገባ ምስክር ወረቐት ከቕርቡ ዝኽእሉን፣

7) ናይ ዝሓለፈ ወርሒ ናይ ቫት ዲክላሬሽን ከቕርቡ ዝኽእሉ፣

8) መኸበሪ ጨረታ ብር 10,000.00 / ዓሰርተ ሽሕ ብር ጥራሕ/ ካብዞም ዝስዕቡ ብሓዲኡ መልክእ ዝቐርብ ኾይኑ ብናይ ኢትዮጵያ ብሄራዊ ባንኪ ካብ ዝተፈቐደሎም ባንክታት ወይ ፋይናንሳዊ ትካላት ዝወሃብ ኣብ ኩነታት ዘይተመሰረተ ውሕሰና ባንክታት ወይ ፋይናንሳዊ ትካላት ብዘረጋገፅኦ ቼክ ሌተር ኦፍ ክሬዲት ከቕርቡኣለዎም።

መተሓሳሰቢ፦ ናይ ውልቀ ማሕበርና ዝሐሸ ኣማራጺ እንተረኪቡ ጨረታ ብኸፊል ይኹን ብሙሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ኣድራሻ፦ ኣብ ጎኒ ዋና ህንጻ ደደቢት ማይክሮ ፋይናንስ ዕዳጋ ዓዲ-ሓቂ

ንዝበለጸ ሓበሬታ ብቁጽሪ ስልኪ 03 44 40 42 53 ደዊልኻ ምሕታት ይከኣል።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle